# ናይ ፌደራል ኢሚግሬሽን ቤት ጽሕፈት ዝወሰኖ ዉሳነ ተቓዊምካ ከመይ ጌርካ ይግባይ ትብል?

**ካብ ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM)**
**ንዘመልከትክንኦ/ኩሞ ዑቕባ ኣሉታዊ ዉሳነ በጺሕክንዶ/ኩምዶ?**
**ምኽሪ እንተድለየክን/ኩም ወይ ከኣ ይግባይ ክትጽሕፉ/ፉ እንተደልኽን/ኹም፣ ቀልጢፍክን/ኩም ኣብ ጥቓኽን/ኹም ምስ ዘላ/ሎ ጠበቓ ወይ ከኣ ናይ ሕጊ ኣማኸርቲ „Rechtsberatungsstelle“ ኪዳ/ዱ። ይግባኝ ትብላሉ/ሉሉ ገደብ ጊዜ ከይተወድኤ ኸሎ፣ ክትእሰራ/ሩ ስለትኽእላ/ሉ፣ ብእዋኑ ስጉምቲ ውሰዳ/ዱ። ሕጋዊ ምኽሪ ንምድላው ከይከኣልክን/ኩም፣ ቀልጢፍክን/ኩም ስጉምቲ ምዉሳድ እንተድለየክን/ኩም፣ እዚ መምርሒ ይሕግዘክን/ኩም እዩ። እዚ መምርሒ <u>ብማሕበር ሓገዝ ስደተኛታት ናይ ስዊዘርላንድ “SFH”</u> እዩ ተቐሪቡ። እዚ ማሕበር ካብ መንግስቲ ነጻ ዝኾነ፣ ንመሰል ዑቕባ ዝሓቱን ስደተኛታትን ዝግደስ ማሕበር እዩ። ነዚ መምርሒ ተገዲስክን/ኩም ኣንቢብክን/ኩም ተኸተልኦ/ዎ።**

## 1. ክትፈልጥኦ/ዎ ዘለክን/ኩም ጉዳይ

**→ ሓደ ጊዜ ጥራሕ ኢኽን/ኹም ይግባይ ክትብላ/ሉ ትኽእላ/ሉ**

ዝምልከቶ ኣካል ፌደራላዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) እዩ። እዚ ቤት ፍርዲ ምጽራይ ዑቕባ ብዝምልከት፣ ዝለዓለ ቤት ፍርዲ እዩ። ዉሳነኡ ከኣ ናይ መወዳእታ እዩ። ኣድራሻኡ እዚ ዝስዕብ እዩ።

Bundesverwaltungsgericht
Postfach, CH-9023 St. Gallen
Telefon +41 (0)58 705 26 26, Fax +41 (0) 58 705 29 80

**→ ናይ ጊዜ ገደብ ኣይተሕልፉ/ፉ**

ብዛዕባ **ገደብ ጊዜ** ዝጠቅስ ሓበሬታ፣ ኣብ **መወዳእታ ጽሑፍ ዉሳነ፣** ኣብ ትሕቲ **ሕጋዊ መብርሂ** „Rechtsmittelbelehrung“ ዝብል ኣርእስቲ ተጻሒፉ ዘሎ ኣስተዉዕልኦ/ዎ። ኣብኡ ይግባይ ንምባል ክንደይ ጊዜ ከም ዘለክን/ኩም ተጻሒፉ ኣሎ። ዝተፈላለዩ ዓይነት ዉሳነታት ኣለዉ። ክልተ ካብኣቶም።.

1. ሕቶ ዑቕባኽን/ኹም **ተነጺጉ** እዩ። ዉሳነ ምስ በጽሓክን/ኩም **ሰላሳ መዓልቲ** ከይመልኤ ኸሎ፣ ይግባይ ክትልእካ/ኩ ኣለክን/ኩም። ቀዳመ ሰንበትን መዓልቲ በዓላትን ኣብ ቁጽሪ ይኣትዋ እየን።
   (new) 7/30 days
2. ዘመልከትክንኦ/ኩሞ **እምነት ኣይረኸበን**። እዚ ማለት ከኣ ዘመልከትክንኦ/ኩሞ ብቑዕ ምኽንያት የብሉን ወይ ከኣ ካብ ሕጊ ወጻኢ እዩ ማለት እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲ ስራሕ ይግባይ ክትብላ/ሉ ኣለክን/ኩም። ቀዳመ ሰንበትን መዓልቲ በዓላትን ኣብ ቁጽሪ ኣይኣትዋን እየን። ንናይ ኤውሮጳ ዓድታት ንዝምለሱ ፍሉይ ነገር፤ ይግባይ ምባል ካብ ምምላስ ኣየትርፍን እዩ።

ጊዜ ምእንቲ ከይተጥፍኣ/ኡ፣ ይግባይ ትብልኦ/ዎ ኣቐዲምክን/ኩም ብፋክስ ስደዳ/ዱ ቀጺልክን/ኩም ነቲ ኦሪጂናል ብደብዳበ ስደዳ/ዱ።

## 2. መዛግብቲ ምእዛዝ

ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ዉሳነ እንታይ ተሞርኪሱ ከምዝነጸገክን/ኩም ዝገልጽ መዛግብቲ ኣንተወኒንክን/ኩም፣ ይግባይ ንምባል ክቐለክን/ኩም ይኽእል እዩ። ካብ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM) መዛግብትኽን/ኹም ዘይተላእከ እንተኾይኑ፣ ብቕልጡፍ ክለኣኸልክን/ኩም ጥለባ/ቡ።

መርኣዩ መዛግብቲ „Akteneinsichtsgesuch“ ፎርሙላ A (Vorlage A) ተጠቀማ/ሙ። እዚ ✍ ምልክት ኣብ ዘለዎ ቦታታት ናይ ፎርሙላ ጽሓፉ/ፉ።

→ ነብሲ ወከፍ ኣብ ፎርሙላ ዘለዋ ነጥብታት ምልእኦ/ዎ

| | |
|---|---|
| 1 | መንነትን ናይ ሕጂ ኣድራሻን (ሽም ስድራ፣ መጸውዒ ሽም፣ ብናይ (SEM) ዉሳነ ዝትንከፉ ዉልቀሰባት ዕለት ትውልዲ፣ መገዲ፣ ናይ ፖስታ ኮድ(PLZ)/ ከተማ) |
| 2 | ቦታ፣ ዕለት |
| 3 | N- ቁጽሪ ( ሹዱሽተ ኣሃዝ ዘለዎ፣ ኣብ ናይ (SEM) ዉሳነ ላዕሊ ብጸጋም ወገን ኣሎ።) |
| 4 | SEM ዝወሰነሉ ዕለት (ኣብ ናይ (SEM) ዉሳነ ላዕሊ ብጸጋም ወገን ኣሎ።) |
| 5 | ንመዛግብቲ መርኣዪ „Akteneinsichtsgesuch“ ፈርማሉ/ሙሉ። |
| 6 | ነዚ ፎርሙላ ብዝተመዝገበ ደብዳበ „Einschreiben“ ናብ Staatssekretariat für Migration, Quellenweg 6, 3003 Bern-Wabern ስደድኦ/ዎ። |

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ናይ ቃለ መጠይቕ ፕሮቶኮል፣ ምናልባትውን ካልእ ናይ መዛግብቲ ወረቓቕቲ ክመጸክን/ኩም እዩ። ከም ግቡኡ ነዚ ደብዳበ ኣይትሽፍላን/ሉን ኢኽን/ኹም።

## 3. ምቕራብ ይግባይ

→ ሓገዝ ሶሺያል ትረኽባ/ቡ?

ናይ ሶሺያል ሓገዝ ወሃብቲ ቤት ጽሕፈት „Sozialhilfestelle“ መረጋገጺ ንኽህቡኽን/ኹም ሕተታ/ቱ። ነዚ ምስ ይግባይ ክተተሓሕዝኦ/ዎ ኣለክን/ኩም። መረጋገጺ ደንጉዩ እንተ መጺኡ፣ ይግባይ ኣቕዲምክን/ኩም ሰዲድክን/ኩም፣ መረጋገጺ ምስ መጸ ቀልጢፍክን/ኩም ስደድኦ/ዎ።

→ ናይ ፌደራል ኢሚግሬሽን ጽሕፈት ቤት (SEM) ዉሳነ ኣተርጉምኦ/ዎ

ናይ ፌደራል ኢሚግሬሽን ቤት ጽሕፈት (SEM) መንጸጊ ኢሉ ዘስፈረን ምኽንያታት ዘክራ/ሩ። ኣብቲ ይግባይ ነዘን ምኽንያታት ብዝምልከት ሓሳብክን/ኩም ግለጻ/ጹ።

→ ወረቓቕቲ ምስክር ኣቕርባ/ቡ

ክሳብ ሕጂ ንቤት ጽሕፈታት ስዊዘርላንድ ዘይሃብክንኦ/ኩሞ፣ ንጉዳይክን/ኩም ዝጠቅም ኩሉ ወረቓቕቲ ምስክር ፣ ምስቲ ይግባይ ልኣኻ/ኹ። (ንምሳለ፡ ወረቐት ሓኪም፣ ትእዛዝ ማእሰርቲ፣ ፍርዲ ወ.ዘ.ተ.)። ከሎ ገና ንኹሉ ዶኩሜንትታት ቀርባ/ቡ።

## 4. ይግባኝ ምጽሓፍ

ነቲ ይግባይ ብጀርመንኛ፣ ብፈረንሳይኛ ወይ ከኣ ብጥልያን ክትህባ/ቡ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም። ምናልባሽ ብምጽሓፍ ዝሕግዝክን/ኩም ሰብ ትፈልጣ/ጡ ትኾና/ኑ? ባዕልኽን/ኹም`ዉን ነቲ ናይ ይግባይ ፎርሙላ „B“ „Beschwerdevorlage B“ ክትጥቀማ/ሙ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም። እተን ኣድለይቲ ምኽንያታት ኣብኡ ተሓቲመን **ኣለዋ። ነታ ፎርሙላ ከምቲ ናትክን/ኩም ጊዜያዊ ኩነታት ጌርክን/ኩም ምልእኦ/ዎ።** ኣብቲ ፎርሙላ እዚ ✍ ምልክት ኣብ ዘለዎ ቦታ ጽሓፉ/ፋ። እቲ ተቐሪቡ ዘሎ ቦታ እንተዘይኣኺልክን/ኩም፣ ወረቐት ወስኻ/ኹ።

→ ኣብ ይግባይ ፎርሙላ „ Beschwerdevorlage B“ ዘለዋ ነብሲ ወከፍ ነጥብታት ምልኣ/ኡ

| | |
|---|---|
| 7 | ቦታ፣ ዕለት |
| 8 | መንነትን ኣድራሻን (ሽም ስድራ፣ መጸውዒ ሽም፣ ዕለት ትውልዲ፣ መገዲ፣ ናይ ፖስታ ኮድ( PLZ)/ ከተማ። ናይ ኩሎም ኣብ (SEM) ዉሳነ ሽሞም ዝተጠቕሰ ዉልቀሰባት ዝርዝሮም ጽሓፉ/ፉ። |
| 9 | SEM ዝወሰነሉ ዕለት (ኣብ ናይ (SEM) ዉሳነ ላዕሊ ብጸጋም ወገን ኣሎ።) |
| 10 | N- ቁጽሪ ( ሹዱሽተ ኣሃዝ ዘለዎ፣ ኣብ ናይ (SEM) ዉሳነ ላዕሊ ብጸጋም ወገን ኣሎ።) |

11 እዚኣ ናይ ይግባይ ዋና ክፍሊ እያ። ንምንታይ ናይ (SEM) ዉሳነ ከምትቃወምኦን/ዎን፣ ንምንታይ ኣብ ስዊዘርላንድ ክትተርፉ/ፉ ደሊኹን/ኹም ከምዘለኹንን/ኹምን ኣስፍሕ ኣቢልክን/ኩም ጽሓፉ/ፉ።ዘሎ ቦታ እንተዘይኣኺልክን/ኩም፣ ወረቐት ወስኻ/ኹ። ዘክራ/ሩ።

- ነተን ኩለን SEM ኣቕሪብወን ዘሎ ምኽንያታት ኣጸቢቕክን/ኩም ሕሰባሉ/ቡሉ።
- SEM ነቲ ዘቕርብክንኦ/ኩሞ ምኽንያት ክእመን ዘይክእል እዩ ኢሉ ወሲኑ`ዶ ይኸውን? ከምኡ እንተኾይኑ፣ ንዕዑ ዘፍርስ ሓሳባት ኣምጽኣ/ኡ። ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምርድዳእ ኣረድኣ/ኡ፣ ግሁድ ንዝኾነን ንዝተወቓቐዔን ነገራት ከተረድኣ/ኡ ፈትና/ኑ።
- ሕጂ ንዓድኹን/ኹም እንተተመለስክን/ኩም እንታይ ትኾና/ኑ? መን፣ መዓስ፣ ንምንታይ ከምዘፍርሓክን/ኩም ኣዔሪኽን/ኹም ግለጻ/ጹ።
- ምክትታል ከምዘጋጠመክን/ኩም ከተመስክራ/ሩ እንተኪኢልክን/ኩም ጽቡቕ እዩ። ክሳብ ሕጂ ንቤት ጽሕፈታት ዘይሃብክንኦ/ኩሞ፣ ኩሉ ወረቓቕቲ ምስክር ኣምጽኣ/ኡ (ንምሳለ፡ ናይ ማእሰርቲ ዉሳነ፣ ዉሳነ ቤት ፍርዲ፣ ምስክር ወረቐት ሓኪም፣ ናይ ጋዜጣ ጽሑፍ ወ.ዘ.ተ) ትርጉሞም ከኣ ንገራ/ሩ።

**ይግባይ ንምባል ሐሙሽተ መዓልቲ ጥራሕ ንዘለዎም ተወሳኺ ሓበሬታ**

- ወረቐት መንነት ወይ ከኣ ፓስፖርት እንተ ዘይሃብክን/ኩም፣ ንምንታይ ከም ዘይሃብክን/ኩም ኣዔሪኽን/ኹም ግለጻ/ጹ።
- ሰበስልጣናት ብጉዳይክን/ኩም፣ ተወሳኺ ክጸርየሎም ዝደልዩዎ ዘጓነፈ ነገር እንተደልዮም፣ ዘጋጠመ ጉዳይ ጽሐፉ/ፉ(ንምሳለ፡ ዝተገብረ ነገር፣ ኣብ ከተማኹን/ኹም ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት)።
- (SEM) ኣብቲ ዝነበርክንኦ/ኩሞ ሳልሳይ ዓዲ ክመልሰክን/ኩም እንተደለየ፣ ንምንታይ ናብቲ ዓዲ ክትስደዳ/ዱ ከምዘይግባእ ግለጻ/ጹ። (ንምሳለ፡ እቲ ዓዲ ቀልጢፉ ንዓድኹን/ኹም ከይሰደክን/ኩም ትፈርሓ/ሑ ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ቀረባ ቤተሰብ ወይ ከኣ ዘመድ ኣለክን/ኩም።)

ንዓድታት ኤዉሮጳ፣ ንኖርዌይ ወይ ከኣ ንኣይስላንድ ምምላስ፤ ይግባይ ምባል ካብ ምምላስ ከምዘየትርፍ **ፍለጣ/ጡ**።
እዚ ማለት፣ ዋላኳ ይግባይ እንተበልክን/ኩም፣ ክትስደዳ/ዱ ኢኹን/ኹም። ከም ግቡኡ፣ እቲ ዝነበርክንኦ/ኩሞ ዓዲ ኤዉሮጳ ክቕበለክን/ኩም እንተ ተሰማሚዑ፣ ናብቲ ዓዲ ትስደዳ/ዱ። ብይግባይ ምኽንያት እቲ ምምላስ ክጸንሓልክን/ኩም ሕተታ/ቱ። እዚ ዓዲ ኤዉሮጳ፣ ጉዳየይ ኣይርእየለይን እዩ ኢልክን/ኩም ከም ትፈርሓ/ሑን ኣብ ዓድኹን/ኹም እንታይ ዓይነት ኢሰብኣዊን ዘዋርድን ግፍዒን ከም ዝጽበየክንን/ኩምን ግለጻ/ጹ።

ብናይ ስዊዘርላንድ <u>ሕጊ ዑቕባ</u> መሰረት ስደተኛታት መሰል ዑቕባ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

<u>ሕጊ ዑቕባ ዐንቀጽ 3</u>
< ስደተኛታት ዝበሃሉ፣ ኣብ መበቆል ዓዶም ወይ ከኣ ኣብ መወዳእታ ዝነበሩሉ ዓዲ ብዘርኦም፣ ብሃይማኖቶም፣ ብዜግነቶም፣ ኣባል ሓደ ዓሌት ስለዝኾኑ ወይ ከኣ ብዘለዎም ናይ ፖለቲካ ኣመለኻኽታ ምኽንያት ዝጎድእ ኩነታት ዘጓንፎም ወይ ከኣ ከም ዘጓንፎም ጭቡጥ ዝኾነ ፍርሓት እንተለዎም እዮም። ዝጎድኡ ኹነታት ተባሂሎም ዝጥቀሱ፣ ኣካልን ህይወትን ንሓደጋ እንተተቓሊዑ፣ ነጻነት እንተሰኣኑ ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ንብርቱዕ ናይ ኣእምሮ ጭንቂ ዘምርሕ ጸቕጢ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም እንተኾይኑ እዩ። ንደቀንስትዮ ጥራሕ ዝምልከት ናይ ስደት ምኽንያታት ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ።>

12 ወላኳ መሰል ዑቕባ እንተዘይረኸብክን/ኩም፣ **ንዓኹን/ኹም ግን ካብዚ ዓዲ ምዉጻእ እንተዘይተኻኢሉ**፣ ኣብ ስዊዘርላንድ **ንግዚኡ ተቐባልነት** (F-**ወረቐት መንነት**) ክወሃበክን/ኩም ይኽእል እዩ። ንዓድኹን/ኹም ምልኣኽ ኢሰብኣዊ እንተኾይኑ፣ ንዓኹን/ኹም ምዉጻእ ኣይከኣልን እዩ። ከምዚ ዝኸውን፣ ንዓኹን/ኹም ካብዚ ተጠቒሰን ዘላዋ ምኽንያታት ዝተፈልያ፣ ካልኦት ጭቡጣት ዝኾናን ንዝጎድእ ኩነታት ዘብጽሓ ጉዳያት ክህልዋ ከለዋ እዩ።

ንመበቆል ዓድኹን/ኹም ንኽይትምለሳ/ሱ ዝሕግዛ፣ ክሳብ ሕጂ ዘይተጠቕሳ ካልኦት ምኽንያታት ኣስፊሕክን/ኩም ግለጻ/ጹ። ዉሑዳት ምኽንያታት ንምጥቃስ፡

- ነቲ ዘለክን/ኩም ብርቱዕ ሕማም፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ጥራሕ ሓገዝ ሕክምና ክትረኽባ/ቡ ትኽእላ/ሉ እንተ ዄንክን/ኩም፣ **ብጥዕና ምኽንያት**፣ ኣብ ልዕሌኽን/ኹም ስጉምቲ ምስዳድ ምፍጻም፣ ግፍዒ እዩ። ንዓድኹን/ኹም ምኻድ፣ ንዓኽን/ኹም እንታይ ዓይነት ሳዕቤን ከም ዘኸትል ግለጻ/ጹ፣ ናይዚ እዋን ምስክር ሓኪም ኣምጽኣ/ኡ። ናይ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) ናይ ጥዕናኽን/ኹም ሪፖርት ንኽምጽእ ሕተቱ።
- ኣብ መበቆል ዓድኽን/ኹም ኩነታት ውግእ ሕድሕድ ወይ ከኣ ሓፈሻዊ ጭካነ ዝሰፈኖ ኩነታት ሰፊኑ ኣሎ። ንዓድኽን/ኹም ምምላስ፣ ንዓኽን/ኹም እንታይ ዓይነት ሳዕቤን ከም ዘለዎ ግለጻ/ጹ።
- መብዛሕትኡ ጊዜ ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን (SEM)፣ ኣብ ውሽጢ መበቆል ዓድኽን/ኹም ክትዑቐባ/ቡ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም ይብሉ፤ እዚ ማለት፣ ኣብ ውሽጢ መበቆል

ዓድኽን/ኹም ካብ ዝነበርክንኦ/ኩሞ ከባቢ ናብ ዝተፈልየ ንዓኽን/ኹም ኣብ ዘየፍርሕ ከባቢ ኬድክን/ኩም ክትነብራ/ሩ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም ማለት እዩ። ምናልባሽ ንዓኽን/ኹም ናብ ከምኡ ዓይነት ከባቢ ኪዳ/ዱ ምባል፣ ግፍዒ`ዶ ይኸውን? እዘን ዝቕጽላ ምኽንያታት ጽልዋ ክህልወን ዝኽእላ እየን።

- ኣብቲ ከባቢ ብቑጠባዊ ሽግር ክትነብራ/ሩ ኣይትኽእላን/ሉን ኢኽን/ኹም (ንምሳለ፡ ብዘለክን/ኩም ደረጃ ትምህርቲ ምኽንያት፣ ብቋንቋ፣ ኣብቲ ከባቢ ሰፊኑ ብዘሎ ኩነታት ወ.ዘ.ተ. ስራሕ ክትረኽባ/ቡ ስለዘይትኽእላ/ሉ።)
- ምስቲ የዕቑበክን/ኹም ዝበሃል ዘሎ ከባቢ ዋላ ሓንቲ ርክብ የብልክንን/ኩምን። ( ኣብቲ ከባቢ ኔርክናሉ/ክሙሉ ኣይትፈልጣን/ጡን ኢኽን/ኹም ወይ ከኣ ብጣዕሚ ንሓጺር እዋን ጥራሕ ኢኽን/ኹም ኔርክናሉ/ሙሉ፣ ናይቲ ከባቢ ቋንቋ ኣይትኽእላን/ሉን ኢኽን/ኹም፣ ኣብቲ ኸባቢ ዘመድ ይኹን ትፈልጥኦም/ዎም ሰባት የለዉን ወ.ዘ.ተ.)
- ብምኽንያት ዕድመ፣ ጾታ፣ ወይ ከኣ ቁጽሪ ስድራቤትክን/ኩም ብጣዕሚ ብዙሕ ስለዝኾን፣ ኣብቲ ከባቢ ክትሰፍራ/ሩ ኣይትኽእላን/ሉን ኢኽን/ኹም።

13 ነቲ ትልእክኦ/ዎ ናይ ምስክር ወረቓቕቲ ኣብ መወዳእታ ገጽ መዝግብኦ/ዎ። ኦሪጂናል ልኣኻ/ኹ። ኮፒ ጌርክን/ኩም ሓዝኦ/ዎ። ንዉሳነ ዑቕባ ምስቲ ይግባኝ ከተሓሕዝኦ/ዎ ኣለክን/ኩም። ሓገዝ ትረኽባ/ቡ እንተኾንክን/ኩም፣ ካብ ሓጋዚ መረጋገጺ ወሲድክን/ኩም ኣተሓሕዝኦ/ዎ። **ሕጂ ንኹሉ ወረቓቕቲ ይግባኝ ክልተ ጊዜ ኮፒ ግበርኦ/ዎ።**

14 ንሰለስቲኡ ጥሙር ወረቓቕቲ ብሙሉኡ ፈርማሉ/ሙሉ። ንክልተ ጥሙር ምስ ኩሉ ወረቓቕቲ ምስክር ( ኮፒ ናይ SEM-ዉሳነ፣ ናይ ሶሺያል ሓገዝ መረጋገጺን ካልእ መመስከሪ ወረቓቕትን) ብምዝጉብ ደብዳበ „Einschreiben“ ጌርክን/ኩም ናብ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር Bundesverwaltungsgericht, Postfach, 9023 St. Gallen ስደዳ/ዱ። ናይ ጊዜ ገደብ ሓልዋ/ዉ።

## 5. ድሕሪኡኸ እንታይ ይግበር?

ካብ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) ደብዳበ ክመጸክን/ኩም እዩ። ትሑዝቶኡ ኣተርጕምክን/ኩም ኣድላዪ እንተኾይኑ ብቑልጡፍ ዝግበር ነገራት ግበራ/ሩ። ዝተፈላለዩ መልሲታት ኣለዉ። ኣብ ዝቕጽል እተን ቀንዲ ጥራሕ ሰፊረን ኣለዋ።

- ካብ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) ደብዳበኽን/ኹም በጺሕና „Eingangsbestätigung“ ዝብል ደብዳበ ክመጸክን/ኩም እዩ። ክሳብ ፍርዲ ዝዉሰን ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ብሕጋዊነት ኢኽን/ኹም ዘለኽን/ኹም። እቲ ዉሳነ ግን ኣብ ውሽጢ ዉሑድ መዓልታት ክመጽእ ይኽእል እዩ።
- ካብ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) እቲ ይግባይ ካብ መጀመርዩኡ ተስፋ ዘይብሉ „Zum vornherein aussichtslos“ ምዃኑ ንምዉሳን ይደሊ። ንኸምዚ ዓይነት ጉዳይ ቤት ፍርዲ ትሕጃ ንኽኽፈሎ ይእዝዝ። ነቲ ምኽፋል ገደብ ጊዜ ይህብ። እንተዘይተኸፍለ እቲ ይግባይ ኣይጻረይን እዩ። እንተተኸፊሉ እቲ ይግባይ ይጻረ፣ ዕድል ዓወት ግን ብጣዕሚ ዉሑድ እዩ።
- ናይ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ገደብ ጊዜ፣ ኣብ ይግባይ ዘሎ ጌጋታት ይተኣረም ይብል። ስጉምቲ ክትወስዳ/ዱ ኣለክን/ኩም፣ እንተዘይኮይኑ ንጉዳይክን/ኩም ኣየጻርዮን እዩ።
- ናይ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht)፣ ነቲ „SEM“ ኣምጺእዎ ዘሎ ሓዲሽ ጸብጻብ፣ ሓሳብክን/ኩም ንኽትህባ/ቡ ዕድል ይህበክን/ኩም። ሓሳብክን/ኩም ንምሃብ ፈትና/ኑ።

ናይ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) ውሳነ ዝተፈላለየ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ዉሳነኡ ኣሉታዊ እንተኾይኑ፣ ካብ ስዊዘርላንድ ክትወጻ/ጹ ኣለክን/ኩም። ናይ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ነቲ ጉዳይ እንደገና ንኽጻረ ናብ „SEM“ ክመልሶ ይኽእል እዩ። ዉሳነኡ ኣዎንታዊ እንተኾይኑ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ትረኽባ/ቡ ወይ ከኣ ንግዚኡ መንበሪ ይወሃበክን/ኩም።

ከም ግቡኡ ናይ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር (Bundesverwaltungsgericht) ውሳነ ናይ መወዳእታ እዩ። ናብ ዝለዓለ ፌደራል ቤት ፍርዲ ይግባይ ምባል ኣይከኣልን እዩ። ንዉሱን ብጣዕሚ ፍሉያት ዝኮና ጉዳያት ጥራሕ እየን <u>እንደገና ኣብ ግምት ክኣትዋ ዝኽእላ ወይ ከኣ ይግባይ</u> ክበሃል ዝከኣል። ካብ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ሕጊ „Rechtsberatungsstelle ([https://www.fluechtlingshilfe.ch/hilfe-fuer-asylsuchende/rechtsschutz#c505](https://www.fluechtlingshilfe.ch/hilfe-fuer-asylsuchende/rechtsschutz#c505)“ ዝሓሸ ሓበሬታ ሕተታ/ቱ።